# ፪ ሰንበት ዘአስተርእዮ

## ጥሪ 19 2016 ዓ.ም. (1/2/2024)

### እንሆ ፍቓድካ ክፍጽም መጺአ ኣሎኹ (ዕብ 10፥9)።

**መዝሙር፡** እሙነ ኮነ ልደቱ. . . . . . . ናይ መድኃኒና ክርስቶስ ልደት ሓቂ እዩ፥ ልደቱ ብሓቂ ኮይኑ እዩ፥ ካብ ሰማያት ወሪዱ ብመላእኽቲ ተመስጊኑ ካብ ማርያም ተወሊዱ፥ ኣብ ቤተልሔም ተወልደ ኣብ ናዝሬት ተሓጸነ ብግሁድ ከአ ተገልጸ፥ ንሱ ኣኽሊል ናይ ሰማዕታት መድኃኒ ነገስታት ጓሳ ኣጎዛብ እዩ። እሙን ኮነ ልደቱ ብርሃን ኮነ ምጽአቱ ናይ መድኃኒና ክርስቶስ።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 1፥1-3፥ 1ዮሓ 5፥9-ፍ፥ ግ.ሓ. 11፥2-15፥ ዮሓ 1፥29-34።

**ምስባክ፡** እግዚአብሔር እግዚእ አስተርአየ ለነ፥ ግበሩ ብዓለ በትፍሥሕት በኃበ እለ ያስተሓምምዎ፥ እስከ አቅርንቲሁ ለምስዋዕ።

ልደት ክርስቶስ ብሓቂ ኣብ ታሪኽ ዝተፈጸመ እዩ ዝተማህዘ ወይ ሰባት ክጥዕሞም ኢሎም ዝፈጠርዎ ኣይኮነን። ናይ ብሓቂ ኮይኑ ኣብ ሕይወት ደቂ ሰባት ለውጢ ዘምጽአ እዩ። ሰባት ነዚ ሓቂ እዚ ክኣምኑ ዝተሓርዩ እዮም።

ወ/ሮ ሚርያም ቡዝ ጓል ጀማሪ Salvation Army ብዓልቲ ግርማን በላሕን ሰብ እያ ነሩ። ክርስትያናዊ ኣገልግሎታ ክትጅምር እንከላ ዓቢ ተስፋ ብምርኣይ ኣብ ኩሉ ቅጽበታዊ ምዕባይ እናኣርአየት እያ ጀሚራቶ። እንተ ኾነ ብዙሕ ከይከደት ኣብ ሓጺር ጊዜ ብርቱዕ ሓሚማ ኣብ ሞት ምስ በጽሐት ኩሉ እቲ ዝጀመረቶ ተቛጽዩ ተሪፉ። ሓደ መዓልቲ ነዚ ዝተዓዘበ ሓደ መሓዝአ ኣብ ጊዜ ሕማማ ክበጽሓ ምስ ከደ ብሓቂ ዘሕዝን እዩ ሓንቲ ንፍዕቲ ሰበይቲ ስራሕ ኣምላኽ ብዝገርም እናሰርሐት እንከላ ከምዚ ኢላ ክትመውት ኢልዋ። ቀስ ብዝበለ ድምጺ ከምዚ እናበለት መሊሳትሉ ስራሕ ኣምላኽ ምስራሕ ብሓቂ ዓቢ ነገር እዩ እንተ ኾነ ግን ንፍቓድ ኣምላኽ ምግባር ዝዓበየ እዩ ኢላቶ ይብሃል።

ብዓለ ልደትን ጥምቀትን ብጽቡቕ ኣብዒልና ሕጂ ኸአ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ፥ ተልእኮ፥ ትምህርቱን ኩሉ ነቲ ፍቓድ ኣብኡ ክፍጽም ዘኽኣሎ ሕማሙን ሞቱ ኣብ መስቀልን ትንሣኤኡን ምእንቲ ድሕነት ደቂ ሰብ ዝገበሮ ክነስተንትን ኢና።

ናይ ሎሚ ንባብና ብዛዕባ መንነት ኢየሱስ ንሱ መን ምዃኑን ተልእክኡ እንታይ ከም ዝኾነን እዩ ዝነግረና። ካብ ወንጌል ዮሓንስ ዝተነበ ዮሓንስ መጥምቕ ብዛዕባ ኢየሱስ እናሰበኸን መስከረን እንሆ በግዕ እግዚአብሔር ኃጢአት ዓለም ዝድምስስ፥ ንሱ ካብኡ ከም ዝዓብን ወዲ ኣምላኽ ምዃኑ እናነገረ ንሰባት ኣብ ኢየሱስ ከም ዝሰግሩ ዝገበረ ናይ መጨረሻ ነብይ እዩ።

ኣብ ትንቢት ኢሳያስ 49፥3-6 ዘሎ እንተ ርእና ምስ ናይ ሎሚ ወንጌል ዝሰማማዕ ብዛዕባ ምስጢራዊ ኣገልጋሊ ኣምላኽ ዝዛረብ ንረክብ። ኣምላኽ ካብ ዘለዓለም ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ከም ዝሓረዮን ንፍሉይ ተልእኮ ከም ዝልአኾን ብርሃን ዓለም ከም ዝገበሮን ይነግር። ኣምላኽ ብኣገልጋሊኡ ይኸብር፥ እዚ እሙን ኣገልጋሊ ብስርሑ ንደቂ እስራኤል ጥራሕ ዘይኮነ ብመሉኣት ደቂ ሰብን ፍጥረትን ይግደስ። ንሱ ንእስራኤል ክእክብ ምእንቲ ንያዕቆብ ካብ ዓዲ ጓና ይመልሶ። ንሱ ብርሃን ኣህዛብ እውን እዩ፥ እዚ ኸአ ድሕነት ኣምላኽ ካሳብ ኣጽናፈ ዓለም ምእንቲ ክበጽሕ እዩ። እዚ ናይ ኢሳያስ ትንቢት ኢየሱስ ብርሃን ዓለም ኮይኑ ምስ መጸ ብእኡ ተፈጺሙ። ንሱ ንድለት ሰማያዊ ኣብኡ ምስ ፈጸመን ተኣዘዘን ንኹሉ ድሕነት ኣምጺኡ።

ቅ. ዮሓንስ ወንጌላዊ ብዛዕባ ጥምቀት ኢየሱስ ካብ ካልኦት ወንጌላውያን ፍልይ ብዝበለ መገዲ ናይ መጀመርያ ግልጸት ኣብ መንነ ህዝቢ ምኧኑ እምበር ብዛዕባ ተልእኮኡ ባዕሉ ኢየሱስ ኣይዛረበናን። ዮሓንስ መጥምቕ እዩ ኩሉ ኢየሱስ መን ምኧኑ ዝገልጽን ዝዛረብን ዝምስክርን። ጥምቀት ዮሓንስ መጥምቕ ከምቲ ካልኦት ወንጌላውያን ዝብልዎ ንሕድገት ኃጢአት ዘይኮነስ ዓላምኡ ኢየሱስ እቲ መስሕ ምኧኑ ንእስራኤል ምግላጽ እዩ።

## ሀ. እንሆ ኃጢአት ዓለም ዘርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ፡

ዮሓንስ መጥምቕ ኢየሱስ ኣብኡ ገጹ ይመጽእ ምስ ረአዮ ቀልጢፉ ኣለልይዎ ከምዚ ኸአ ኢሉ እንሆ ኃጢአት ዓለም ዜርሕቕ ገንሸል ኣምላኽ እናበለ ከም ዝገለጸ ይነግረና። ኣብ ግጽው (synoptic ማቴዎስ ማርቆስ ሉቃስ) ዮሓንስ መጥምቕ ኢየሱስ መን ምኧኑ ርግጸኛ ኣይ ኮነን በዚ እዩ ካብ ኣርድእቱ ልኡኻት ሰዲዱ ንሱ እቲ ዝጸበይዎ እንተ ኾነ ዝሓተተ።

ዮሓንስ ወንጌላዊ ንኢየሱስ ክገልጾ እንክሎ ገንሸል/በግዕ ኣምላኽ ይብሎ። ስለምንታይ እዩ ኢየሱስ በዚ ፍሉይ ስም ዝጽዋዕ ኢልና እንተ ሓተትና፥ በግዕ ኣብ ታሪኽ እስራኤላውያን ብእግዚኣብሔር ተኣዚዞም ካብ ባርነት ግብጺ ክወጽኡ ከለዉ ዝበልዕዎ እዩ። ኣብ ኣፍደገ ማዕጽኦም ብደም በግዕ ምልክት ዝገበሩ መልኣኽ እግዚኣብሔር ብለይቲ ምስ መጽአ ንሒፍዎም። ካብዚ ጊዜ ጀሚሩ በግዕ/ገንሸል ምልክትን ትእምርትን ድሕነት ናይ ህዝበ እግዚኣብሔር ነጻነት ካብ ባርነትን ጽቕጠትን ኮይኑ። ዓመታዊ ዝኽረ ብዓል ፋሲካ ኣይሁድ ካብታ ንምድረ ተስፋ ክኸዱ ዝጀመሩላ ዕለት ኩሉ ጊዜ ወላ ኣብ ጊዜ ኢየሱስ ኣብ ቤተ መቕደስ በግዕ ብምሕራድ ይዝክርዎ ነሮም። ገንሸል ፋሲካ ፍሉይ ምልክት ነጻነቶም ካብ ባርነት ግብጽን ሓልዮት ኣምላኽን ዝገልጽ እዩ።

ንእና ግን እዚ ዮሓንስ መጥምቕ ዘመልክቶ ኢየሱስ ሓዲስ በግዕና ነጻነትን ሓርነትን ካብ መግዛእቲ ክፍኣትን ኃጢኣትን ዘውጽኣና እዩ። ኃጢኣትና ክድምስሰልና ኢሉ ንገዛእ ርእሱ ሰዊኡ። ብሞቱ ሓራ ኣውጺኡና። ኢየሱስ ኣብ መዓልቲ ፋሲካ ኣይሁድ ብመስዋዕቲ ሞት ክሓልፍ እንክሎ ከምቲ ናይ ቤተ መቕደስ ካህን ንበግዕ ፋሲካ ዝሓርደሉ ብኣጋጣሚ ዝኾነ ነገር ኣይ ኮነን። ኢየሱስ ሓዲስ በግዕ ፋሲካና ንገዛእ ርእሱ ዝሰውእን ምእንቲ ነጻ ክገብረና ዝሰዋእን እዩ፥ ማለት ንሱ ዝሰዋእን መስዋእትን እዩ። እቲ ምእንታና ኢሉ ዘፍሰሶ ድሙ ኸአ ምልክት ድሕነትና እዩ።

## ለ. ካባይ ዝዓቢ. . . . . . .

ዮሓንስ መጥምቕ ቀጺሉ ሓደ ሰብኣይ ብድኅረይ ኪመጽእ እዩ፥ ንሱ ብቕድመይ ስለ ዝነበረ ይዓብየኒ እዩ ኢልዎም ንሰማዕቱ። ንሱ ነዚ ክብል እንክሎ ንናይ ኢየሱስ ዕብየትን ቀዳምነትን እናገለጸ ዝዓበየ ከምዝኾነ ተኣመነ፡ ከምኡ ኢየሱስ ቅድሚ ዮሓንስ መጥምቕ ከም ዝነበረ ይነግረና እዚ ኸአ ወንጌላዊ ዮሓንስ ኣብ መቅድም ወንጌሉ ከም ዝብሎ ቃል ብቕድሙ ነበረ. . . ብእኡ ኹሉ ተፈጥረ፥ ካብቲ ዝተፈጥረ ዘበለ ድማ ብዘይካ ብእኡ ሓንቲ እኳ ዝተፈጥረ የልቦን እናበለ እቲ ቃል መን ምኧኑ ይነግር። ከምኡ እዚ ኅይታ ዝኾነ ኢየሱስ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ምስ ብዙሓት ኃጢኣተኛታት ደው ኢሉ ኣሎ እናበለ ምስ ኩልና ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብዚ ብፍልይ እንርእዮ ዮሓንስ ወንጌላዊ ዮሓንስ መጥምቕ ንኢየሱስ ከም ዘጠመቖ ንዝነግር ጨሪሹ ይሓድጎ እዚ ኸአ ልዕሊኡ ከምዘይኮነ ክገልጽ ስለ ዝደለ እዩ። ከምኡ ንሱ ንህዝቢ እቲ መስሕ ከምዘይኮነ እንታይ ድኣ ንመገዲ መስሕ ከም ዝቕርብ ስራኽ ኣሳእኑ ክፈትሕ ከም ዘይክእል ይገልጽ። ዮሓንስ ሕጂ ኣብ ኢየሱስ እናኣመልከተ ንኣርድእቱ ንሱ እቲ መስሕ እዩ ክስዕብዎ ኸአ የበራትዖም።

## ሐ. ንሱ ወዲ ኣምላኽ እዩ።

ኣብ መጨረሻ ዮሓንስ እምነቱ ክገልጽ እንክሎ ኣነ ኸአ ረኣኹ ንሱ ወዲ ኣምላኽ ምኧኑ ድማ መስከርኩ ይብል። ምእስ እዩ ፈሊጡ? መንፈስ ቅዱስ ካብ ሰማይ ብመልክዕ ርግቢት ኣብ ልዕሊ

ኢየሱስ ክዓልብ ምስ ረአየ፥ ከምኡ ብእግዚአብሔር እቲ መንፈስ ቅዱስ ዝተቐበለ ወዲ አምላኽ እዩ፥ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዜጠምቕ ምስ ፈለጠ። መንፈስ ቅዱስ ኩሉ ጊዜ ምስ ኢየሱስ አብ ምሉእ ሕይወቱን ተልእክኡን አሎ። ከምዚ ኢሉ እናመስከረ ዮሓንስ መጥምቅ ጨሪሹ አገልግሎቱ ከም ዝፈጸመን ካብ ሕጂ ንድሓር እቲ ካብኡ ዝድለ ስለ ዝፈጸመ ኢየሱስ እና ዓበየ ክኸይድ ንሱ ግን እናነአሰ።

አብ ቀዳመይቲ ንባባ ካብ ፩ቆሮ. ጳውሎስ አብ መእተዊ ብሰላምታ ጀሚሩ ሓዋርያዊ ጸዋዕትኡ እናገለጸ አብ ኢየሱስ ከም ዝተቐደሱን ቅዱሳን ክኾኑ ከም ዝተጸውዑን ይነግሮም። እዚ ካብ መባእታ ሰላምታ ንላዕሊ ከም ዝኾነ ክንርኢ ይግባእ። አብዚ ጳውሎስ ንሱ ሓዋርያ ኢየሱስ ክርስቶስ ክኸውን ብፍቓድ አምላኽ ከም ዝኾነ ይገልጽ። እዚ ሓዋርያ ክኸውን ከም ዝተጸውዐ ዝብል አድላዪ ከም ዝኾነ ክንግንዘቦ ይግባእ። አብዚ ሓጺር መባእታ ዝተጸውዐ ዝብል ሰለስተ ጊዜ ንረኽቦ። እዚ ኸአ ምጽዋዕ ክፍሊ ሓዋርያነት ከም ዝኾነ ክገልጽ ኢሉ እዩ። ንሱ ከም ዝተጸውዐን ብኡ አቢሉ አምላኽ ከም ዝዓይን ይፈልጥ እዩ። ከምቲ ዮሓንስ መጥምቕ ንኢየሱስ ክምስክር ዝመጸ ከምኡ ንኢየሱስ ክርስቶስ ክሰብኽ ዝተሓርየ እዩ። ኩሎም አብኡ ዝአምኑ ብፍቓድ አምላኽ አብ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝጸደቑ ቅዱሳን ክኾኑ ምስቶም አብ ኩሉ ቦታ ስም ኢየሱስ ክርስቶስ ዝጽውኡ ዝተሓርዩ እዮም። ብኻልእ አዘራርባ ንሳቶም እውን ብጎይታ ዝተመንርጹን ንክርስቶስ ክምስክሩ ዝተሓርዩን እዮም። ቅ. ጳውሎስ ብቡራኬ ቃላቱ ይድምድም ካብ እግዚአብሔር አቦናን ካብ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ጸጋን ሰላምን ንአኻትኩም ይኹን።

እዚ ሓጺር መባእታ መልእኽቲ ዝገልጸልና እምብአር ናይ ቤተ ክርስትያን ሓድነትን ኩላዊት ከም ዝኾነት እዩ። አብ ክርስቶስ አመንቲ ህዝበ አምላኽ፥ ቅዱስ ጉባኤ፥ ማሕበር አምላኽ ይኾኑ። ጸዋዕታን ተልእኮን ኢየሱስ ክርስቶስ አብ ሕይወትና ብሓዲስ ይድገም። ጽዋዔና ነቲ ናይ ሰማይዊ አቦና ካብ ፍቕሪ ተላዕሉ ንኹሎም አህዛብ ዓለም ከድሕን ዝደለዮ ከም ዝፍጸም ምግባር እዩ። ስለዚ እነኹ ፍቓድካ ክፍጽም መጺአ አሎኹ ንበሎ።

ሎሚ ነቲ ብሓቂ አድላይን ሓባራውን ዝኾነ ክርስትያናዊ ጸዋዕታናን ተልእኮናን ክንሓስብን ንዕደም አሎና። አብ ጥምቀትና ብመንፈስ ቅዱስ ተቐቢእና፥ ዕለት ዕለት ነቲ ካብ እግዚአብሔር አቦናን ኢየሱስ ክርስቶስ ጎይታናን ዝወርድ ጸጋን ሰላም ክንቅበል ልባትና ንኽፈት። ማዕረ ማዕሪኡ ኸአ ነዚ ዝተዓደልናዮ ህያብ ጸጋን ሰላምን ምስ ካልኦት ብቐጻልነት አብ ምስጢረ ድሕነት ከም ዝካፈሉ ክንገብር እሞ አብ ምልአት ክነብጽሖ ክንጽዕር ይግብአና።

ኩሎም ንባባትና ናይ ብሓቂ አርድእቲ ክርስቶስ ክንከውን ንደሊ እንተ ኾና መጀመርያ ንሱ ንአና መን ምዃኑን ተልእኮኡ አብ ዓለም እንታይ ከም ዝኾነን፥ ተልኮኡ ተልእኮና ከም ዝኾነ ክንሓስብ የዘኻኽሩና። ነፍሲ ወከፍ ሓዋርያ ክርስቶስ እሙን ተኸታሊ መምህሩን ሓዋርያ ንሰናይ ዜና ክርስቶስ አብ ኩሉ ዘብጽሕን እዩ። ክርስትያናዊ ሓዋርያ ንወንጌል ክርስቶስ ጥራሕ አይ ኮነን ዝስዕብ ካልኦት እውን ክሰምዕዎን ክቕበልዎን አብ ሕይወቶም ከትግብርዎን ዝሕግዝ እዩ።

ምስ ኢየሱስ ኮና መንግስቲ አምላኽ አብ ኩሉ ክበጽሕን ክነግስን ብፍላይ አብቶም ጨራ ብርሃን ክርስቶስ ዘይበጽሖም አብኦም ክበጽሕ ክልአኽካ ሓግዘኒ ንበሎ። ክንልአኽ ሕራይ ኢልና ሕይወትና መልክዕ እሙን ረድኢ ነልብሶ። አብ ጸሎት ተጸሚድና እምብአር እነኹ ጎይታይ ፍቓድካ ክፍጽም መጺአ አሎኹ ነበሎ፥ እዚ ኸአ እዩ እቲ ሰናይ ዜና ናይ ሎሚ።

አባ ንጉሠ ፍሥሓ